# ሓይሊ ህዝቢ ኣንጻር ዘይፍትሓዊ እገዳ

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ታሪኹ ብዙሕ፡ ተጻብኦ፡ ፓለቲካዊ ውዲታትን ሽርሕታትን ዝሰገረ ህዝቢ ኢዩ። ክንዲ ዝኾነ፡ ዕለት 23.12. 2009 ታሪኻውያን ተጻባእቱ፡ ብመገዲ ባይቶ ጸጥታ ናይ ዓሎቕ ውሳነ፡ ቁንቁኛኡን ክወቕያ ዝሓለነ ዕላማን ንምርዳእ መግለጺ'ዉን ኣይደለየሉን።ቅጽበታዊ ምላሹ ድማ፡ ብሓደ ድምጺ "ክንምክቶ ኣለና" ዝብል እዩ ነይሩ።

ኣብ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ተኹስኩሱ ዝማዕበለ፡ ምንቃሕ ምውዳብ፡ ምዕጣቕ ብዝብል ኣምራት ዝግለጽ ሓያል ፓለቲካዊ ባህሊ ኣሎ። ምንቃሕ ማለት ንሓሳባት፡ ጉዳያት ወይ ብድሆታት ብዕምቆት ምርዳእ ክኸዉን እንከሎ፡ ምውዳብ ድማ፡እዚ ሓባራዊ መረዳእታ'ዚ ዝሰረቱ ጥምረት ኢዩ።ድሕሪ ንቕሓትን ውዳበን ዝመጽእ ዕጥቂ ኮይኑ፡ ንንቕሓትን ውዳበን ናብ ግብራዊ ውጽኢት ዝቕይር ኣገዳሲ መሳርሒ ኢዩ ።

ምስጢር ዓወትን ዝዓበየ ጸጋን ህዝቢ ኤርትራ እምበኣር፡ ንቕሓቱ ሃገራዊ ውዳበኡን ኩሉ መልክዓት ዕጥቁን እዩ። ወለዶ ገድሊ፡ ብልዑል ንቅሓትን ጥሙር ቅልጽምን፡ ብርቱዕ ስነኣእምሮኣዊ ዕጥቅን እዩ፡ነቲ ብብዙሓት"ኣይከኣልን"ዝተባህለ ገድሊ ንናጽነት ከምዝከኣል ዝገበሮ። ድሕሪ ናጽነት ልኡላውነትና ንምድፋር ዘንቀደ ወራር እዉን፡ ሓደ ልቢ እዩ ኣምኪንዎ። ታሪኻውያን ተጻባእቲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብዚ መወዳእታ እንተቐዶ-ቐዶ ኢሎም ዝወሳወስሉ ዘለዉ ናይ ዓቕሊ ጽበት ፈተነታት ከኣ፡ በዚ ሰባር ውዲት ሃገራዊ ጸጋ'ዚ ክበንን ይርአ ኣሎ ።

ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ብዓሎቕን ምድንጋርን ዝሓለፈ ብይን እገዳ ንምምካት ብልዑል ሃገራዊ ስምዒትን ዜግነታዊ ሓላፍነትን ዘሐብን ዕዮታት ፈጺሙ ኢዩ ። ኣብዚ ሃገራዊ መኸተ'ዚ ፡ ኣብ ወጻኢ ዝርከቡ ዜጋታት፡ በብመንገዶም ዝፈጸምዎ ስራሕ ንፈተውቲ ጸባ ዘስተየ ንጸላእቲ ዘርዓደ እዩ ነይሩ። እቲ ምስጢር ዓወት ህዝቢ ኤርትራ ዝኾነ ዓቢ ሃገራዊ ጸጋ፡ ሎሚ'ዉን ከም ትማሊ ኣብ ቦትኡ ከምዘሎ ብምጉላሕ ድማ ንሰብ ህውቱት ቅማረ ተስፋ ኣቕቢጽዎም ኢዩ።

እዚ ኮይኑ ግን ጸላእትና ንዓና ንምጥፋእ ደቂሶም ስለዘይሓድሩ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ቀንዲ ዕላማታቶም ተበግሶታትና ንምብርዓን ኢዩ። ብፍላይ እዚ ብተደጋጋሚ ነካይዶ ፐቲሽን ሓያል ስምብራት ይገድፍ ስለዘሎ ኣላሽ ኢልና ደኺምና ከነቋርጾ ትጽቢቶም ኢዩ ። ስለዝኾነ በዚ ኣገባብ እንገብሮ ተደጋጋሚ ንጥፈታት ምልክት ሓድነትናን ጽንዓትና ዘይተጻዓድነትናን ምኻኑ ኣጸቢቆም ስለዝፈልጡ፡ ሎሚ እዉን ከም ትማሊ ኩሉ ዜጋ ደኺመ ከይበለ ነዚ ፐቲሽን ንምዕዋት ወትሩ ተጊሁ ከተግብር ምዝኽኻር ዘድልዮ ኣይኮነን።

**ክብርን ሞጎስን ንንቕሑን ጥሙርን ህዝቢ ኤርትራ ! !**

**ዕድመ ነቲ ዝበረኸ ሃገራዊ ጸጋና -- ሓይሊ ህዝቢ ! !**

## ዓወት ንሓፋሽ !

## ሽማግለ መኸተ ጀርመን